# ሕማም ቲቢ (ትዩበርክሎሲስ)

ቲቢ፡ ባክተርያ ዝጠንቁ ሕማም እዩ። ናይ ሳንቡእ ቲቢ ክንሓምም ኣዝዩ ልሙድ እኳ እንተኾነ፡ ሕማም ቲቢ ኣብ ካልእ ክፋል ኣካል'ውን ክኽሰት ይኽእል እዩ (ንኣብነት፦ ኣብ ዓጽሚ፡ ጽኪ ወይ ሓንጎል)።

- ቲቢ፡ ክፍወስን ክሓውን ዝኽእል ሕማም እዩ።
- መርመራ ኰነ መድሃኒት ናይ ሕማም ቲቢ ኣብ ኖርወይ ብናጻ እዩ ዚወሃብ።

## ብኸመይ መገዲ ኢና ብሕማም ቲቢ ክንልከፍ እንኽእል?

ቲቢ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ዝስዕለሉ ወይ ዝህንጥሰሉ እዋን፡ እቲ ባክተርያ ንኽትርእዮም ኣዝዮም ደቀቕቲ ብዚኾኑ ነጠርቲ ነጠብጣባት ምራቕ ኣቢሉ ናብ ኣየር ይዝርጋሕ። ነዚ ዝተበከለ ኣየር እዚ ዘተንፍስዎ ካልኦት ሰባት ድማ ብባክተርያ ቲቢ ክልከፉ ይኽእሉ። ባክተርያ ቲቢ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቐሊል መገዲ ኣይመሓላለፍን እዩ። ስለዚ፡ ምሳና ናይ ቀረባ ርክብ ብዘለዎ፡ ከም ኣባል ስድራ ዝኣመሰለ ሰብ እዩ - እቲ ቀንዲ እንልከፈሉ መንገዲ።

## ምልክታት ሕማም ቲቢ

እቶም ቀንዲ ምልክታት ሕማም ቲቢ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ን2—3 ሳምንታት ወይ ልዕሊኡ ዚጸንሕ ሰዓል
- ምጥፋእ ሸውሃት
- ምጕዳል ሚዛን ኣካላት (እናቐጠንካ ምኻድ)
- ስምዒት ድኻምን ምስልካይን
- ንዝተናውሐ ግዜ ዚጸንሕ ረስኒ ምህላው
- ረሃጽ ኣብ ግዜ ለይቲ
- ብደጋዊ ሽነኽ ናይ ጐረሮ፣ ቱሸቱሸ ወይ ረቃቒቶ ሕበጥ ወይ ዕንፉሩር ምህላው



ሓደ ካብዞም ምልክታት ወይ ልዕሊኡ ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ሓኪም ከይዱ ኽርአ ኣለዎ

## ግዴታዊ መርመራ ሕማም ቲቢ

መርመራ ናይ ቲቢ ንገለ ጕጅለታት ሕብረተ-ሰብ ብግዴታዊ መልክዕ እዩ ዝካየደሎም። እዞም መርመራ ናይ'ዚ ሕማም እዚ ብግዴታ ንኽገብሩ ዝግደዱ ውልቀ-ሰባት፡ ልሙድ ተርእዮ ሕማ ቲቢ ካብ ዘለዎ ሃገር ዝመጹ'ሞ፡ ኣብ ሃገረ ነርወይ ንልዕሊ 3 ኣዋርሕ ዝጸንሑ እዮም። እዚ መርመራ እዚ፡ ዕድሚኦም ልዕሊ 15 ዓመት ንዝኾኑ ሰባት ዝግበር ራጂ ናይ ኣፍ-ልቢ፡ ምናልባሽ ከኣ መርመራ ደምን ቈርበትን ዘጠቓልል እዩ።



እዚ መርመራ እዚ፡ ሕማም ቲቢ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ከምዝልለ ብምግባርን ኣድላዪ ዘበለ ሕክምናዊ ስጉምቲ ብምውሳድን፡ ናብ ካልኦት ሰባት ከይመሓላለፍ ኣብ ምኽልካሉ ዝዓለመ እዩ።



LHL Internasjonal

folkehelseinstituttet